
**ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ**
**ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ**
**(4ይ ክፋል)**



*ታሪኽ ግፍዕታት ገዛእቲ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቍጻር ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግባእ፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒን ገበንን ብጽምቝ ዝበለ ንኣንበብታ ተቕርብ። ክሳብ 9ይ ክፋል ናይዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ'ዚ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናድኣት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ጽሑፉ ኣስፊራቶ ዘላ እዩ። ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ግን ምስ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣየብቀዐን። እዚ ነቕርበልኩም ዘለና ጽሑፍ ከኣ፡ ካብ 9ይ ቅጺ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ መጽሓፍ "መኸተ፡ ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር" ዝተወስደ፡ ኣብ እዋን ወራራት ወያነ (1998-2000) ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ዝገልጽ እዩ።*

እቲ ውሳነ ኣብ ሰለስቲኣን ኣውራጃታት ከበሳ፡ ማለት ሓማሴን፡ ሰራየን ኣከለጉዛይ ከምኡ'ውን ኣብ መሬት ኩናማን ሰንሒትን ንዝርከቡ ሓረስቶት ብረት ምዕጣቕ ነበረ። ነዚ ንምግባር ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ፡ ዓበይቲ ዓዲን ሽማግለታትን ዝተሳተፍዎ ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ህዝቢ ብመገዲ ዕሱባቶም እናወደቡ፡ ህዝቢ "ዕሱባት

ሽፋቱ ንምጥፋእ፡ ብረት ይወሃበና” ኢሉ ከምዝሓተተ ዘምስል ፕሮፖጋንዳ ክነዝሑ ጀመሩ። በዚ ዕላማ'ዚ ድማ፡ ኣብ ጥቅምቲን ሕዳርን 1965 ኣብ ኣስመራ፡ መንደፈራን ደቀምሓረን ኣሽሓት ሰባት ዝተሳተፍዎ ሰላማዊ ሰልፊ ተኻየደ። ሓደ ካብቲ ነዚ ሰልፊታት'ዚ ኣመልኪቱ ብጋዜጣ “ሕብረት” ዝወጽእ ዝነበረ ተኸታታሊ ዜናታት ከምዚ ይብል፦

*“ብሰንበት ፍርቂ መዓልቲ (14-11-1965) ልዕሊ 5000 ካብ ህዝቢ ኣውራጃ ሓማሴን ምስ ምስሌነታቱ፡ ባንዴራ ኢትዮጵያ እናንበልበሉ፡ ‘ጸላእቲ ክብሪ ሃገርና ክትንክፉ ኣይነፍቅድን ኢና’ ዝብል ታቤላታት ሒዞም፡ ናብ ቤተ መንግስቲ ኣስመራ ኣምሪሖም። . . . ቀሺ ምሕረትኣብ ሃይሉ ብስም ህዝቢ ኣውራጃ ሓማሴን ኣብ ዘስምዕዎ ዘረባ፡ ‘ክብሪ ሃገርና ከይድፈር ንምክልኻል ድልዋት ኢና። ቅድሚ ሰለስተ ኣዋርሕ ብመገዲ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ፡ ሽፋቱ ንምጥፋእ ብረት ከወሃበና ሓቲትና ነይርና። እቲ ቅዱስ ዕለማና ነዞም ካብ ሕጊ ዝወጹን ሰላም ናይ ሃገርና ዝህውኹን ዘለው ሽፋቱ ምጥፋእ እዩ። ሰላም፡ ቅሳነትን ስርዓትን ኪህልወና እንተኾይኑ፡ ዝኾነ ሽፍታ ክጠፍእ ኣለዎ።’ ኢሎም።”*

እቲ ኣኼባታት ደይ መደይ ኢልካ ዝተወደበ ምንባሩ ካብቲ ተኸታቲሉ ኣብ ጋዜጣ “ሕብረት” ዝወጽእ ዝነበረ ዜናታት ምርድኡ ዝከኣል እዩ። ዕላማኡ ድማ ምንቅስቓስ ተጋደልቲ ናብ ከበሳ ከይድይብ ብረት ብዝዓጠቐ ህዝቢ ምዕጋት ነበረ። ብተወሳኺ ንህዝቢ ከበሳ፡ ብፍላይ ከኣ ንህዝቢ ኣስመራ መጠንቀቕታ ምምሕልላፍ ነበረ። ጎኒ ጎኒ'ዚ ኣኼባታት'ዚ፡ ናብቲ ኣኼባ ተዓዲሞም ከብቅዑ ዘይተረኽቡ ሰባት ዝከታተሉ ሰለይቲ ተዋፊሮም ምንባሮም ይንገር። ምኽንያቱ ኣብቲ እዋን'ቲ ብዙሕ ህዝቢ እምነቱ ኣብ ኢትዮጵያ ኣጥፊኡ ጥራይ ዘይኮነ ጽልኣት ኣሕዲሩ ነበረ። ልክዕ እዚ ኣኼባታት'ዚ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ ግዜ፡ ኣብ መጋቢት 1965፡ ኣብ ኣሰመራ ብተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ምክያዱ፡ መርኣያ ናይቲ ህዝቢ ብሕልፊ ድማ መንእሰያት ዝነበሮም ሃገራዊ ጸረ-መግዛእታዊ ንቕሓት እዩ።

ኣመሓዳሪ ኤርትራ ኣሰራተ ካሳ ድሕሪ'ቲ ናይ ተማሃሮ ሰልፊ፡ ኣብ ሰለስቲኦን ኣውራጃታት ተንቀሳቒሱ፡ ንኣመሓደርቲን ሓለፍቲን ርእሰ መምህራንን ኣኼባታት ብምክያድ፡ ተማሃሮ ስርዓት ስኢኖም ከምዘለው፡ ስለዚ ድማ፡ ስነ-ምግባር ተማሃሮ ዝቆጻጸራን ዝመርሓን ኮሚቴታት ምቛም ከምዝድሊ ምግላጹ፡ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ

መንእሰያት ተማሃሮ ዝፈጠሮ ጽልዋ፡ ንሰበስልጣን ኢትዮጵያ ኣዝዩ ከምዘሰግኦም ዘመልክት ነበረ። ብርግጽ ድማ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ተማሃሮ ካብ ኣስመራ ይኹን ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ-ኣበባ ናብ ሰውራ ክጽንበሩ ጀሚሮም ነበሩ።

ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ፡ "ህዝቢ ብረት ኣዕጥቑና ይብል ኣሎ" ኢሎም እኳ እንተጐሳጐሱ፡ ከምቲ ዘጐሳጐስሉ ብዙሕ ኣይደፍእሉን። ብሰንኪ ግጉይ ስጉምቲታት መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ገለ ከባቢታት ተፈጢሩ ዝነበረ ግጭት ብምምዝማዝ፡ ንውሱን ከባቢታት መሪጾም (ከባቢ ባረንቱ፡ ቆሓይን ወዘተ.) ብውሑድ ቁጽሪ እንተዘይኮይኑ ብብዝሒ ብረት ከዕጥቑ ኣይመረጹን። ምስ ግስጋሰ ሰውራን ጽልዋኡን፡ እቲ ናብ ህዝቢ ዝዝርጋሕ ብረት ተመሊሱ ከይወግኦም ስለዝሰግኡ። በዚ ድማ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምጥፋእ፡ ዝያዳ እምነት ዘንበሩሉ ሓይሊ እንተነይሩ፡ እቲ ተጋደልቲ ንምድምሳስ ኣብ ቀጸሊ ሃድን ዝነበረ ሓይሊ ኮማንድስ ነበረ።

## ጃምላዊ ግፍዒታት ኢትዮጵያ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ ከምእተገልጸ፡ ግፍዒታት ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ካብቲ ፈለማ እግሮም መሬት ኤርትራ ዝረገጹሉ 40ታት ዝጀመረ ኮይኑ፡ ምስ ምሕያል ብረታዊ ቃልሲ ቀስ ብቐስ እናኸረረ ዝመጸ እዩ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ደይ መደይ ኢሉ ናብ ሰላማዊ ህዝቢ ዝቐንዐ ሰፊሕ ናይ ራዕዲን ሽበራን ተግባራትን ጃምላዊ ህልቂትን ክፍጽም ዝተራእየሉ ግዜ ከኣ፡ ካብ 1967 ንድሓር እዩ። በዚ መሰረት፡ ካብቲ ግዜ'ቲ ዝጀመረ ጃምላዊ ግፍዒታት ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ኣርባዕተ መድረኻት ተኸፋፊሉ ቀሪቡ ኣሎ።

### ቀዳማይ መድረኽ፡ 1967 — 1969

ዓመተ 1965-66፡ ኮማንድስ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ንምህዳን ብዙሕ ናይ ዳህሳስ ወፍርታት ዘካየደሉ እዋን ነበረ። እንተኾነ፡ ነቶም ኣብ ዝወዓልዎ ዘይሓድሩ፡ ኣብ ዝሓደርዎ ዘይውዕሉ፡ ኣሰር ጫማኦም ከይተረፈ እናጥፍኡ ዝንቀሳቐሱ ተጋደልቲ ክዕወተሎም ኣይከኣለን። ስለዚ ድማ፡ እንትርፎ ድኻም ሰራዊቱ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ሰውራ ዝተጓናጸፎ ክጥቀስ ዝኽእል ዓወት ኣይነበረን።


እዚ መድረኽ'ዚ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ. እቲ ኣብ ሜዳ ብቕልጡፍ ዝውስኽ ዝነበረ ቁጽሪ ተጋደልቲ ከፋፊሉ፡ በብትውልዲ ከባቢኦም ዝንቀሳቐስሉ ዞባታትን ዶባትን ብምውሳን፡ ፋሕ ከምዝብሉ ዝገበረሉ ብ"ዘመነ ክፍልታት" ዝፍለጥ እዋን ነበረ። ምቛም ክፍልታት ብልጫን ኣሉታን ነይሩዎ እዩ። ሰራዊት ፋሕ ኢሉ፡ ተጋደልቲ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ክርኣዩ ምጅማሮም፡ ጽልዋ ሰውራ ኣብ ዓድታት ከበሳ ይኹን ከተማታት ብዝሰፍሐ ክዝርጋሕ ኣኽኢሉ እዩ። በዚ ድማ ብዙሓት መንእሰያት ካብቲ ሰውራ ክንቀሳቐሶ ዝጀመረ ሓድሽ ከባቢታት ክስለፉ ጀመሩ። በቲ ካልእ ሸነኽ ግን፡ ተጋዳላይ ኣብ ክፍልታት ምምቕቓሉ፡ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታት፡ ቀቢላዊን ወገናዊን ምትፍናን ባይታ ክረክብ ዕድል ከፊቱ፡ ኣብ መንጎ'ተን ክፍልታት ዘይምርድዳእ ብምፍጣር፡ ናይ ምትሕብባር መንፈስ ዘዳኸመ ኣቃውማ ነበረ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ እቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዝነበረ ምንቅስቓስን ስርሒታትን ሰውራን ጽልዋኡ ኣብ ዓድታት ከበሳን ከተማታትን ከቢድ ስግኣት ስለዝፈጠረሉ፡ ነዚ ጽልዋ'ዚ ገና ከይሰፍሐ ንምጥፍኡ፡ ኣብ ዓመተ 1967፡ ሰውራ ኤርትራ ንምድማሳስ ዝሓለነ፡ "ውቃው፡ መንጥር፡ ነበልባል ወዘተ." ዝብል ኣስማት ዝተዋህቦ ናብ ብዙሕ መኣዝናት ዝቐንዐ ውጥን መጥቃዕቲ ሓንጸጸ። ክሳብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣብ ኤርትራ ሓደ ብርጌድ ናይ 2ይ ክፍለጦር እዩ ነይሩ። ነዚ ወፍሪ'ዚ ንምትግባር ከኣ፡ እቶም ኣብ ትግራይን ጎንደርን ዝነበሩ ክልተ ብርጌዳት ናይ ካልኣይ ክፍለ-ጦር ናብ ኤርትራ ኣእተዎም።

እዚ ወፍሪ'ዚ ዕላማኡ "ምጽራይ ሸፋቱ" ምንባሩ እኳ ብሰበስልጣን ኢትዮጵያ ይግለጽ እንተነበረ፡ በዚ ወፍሪ'ዚ ኣብ ባይታ ዝተተግበረ ግን ካልእ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ክሳብ ሽዑ ብዝተኻየደ እልቢ ዘይነበሮ ወፍሪታትን ሃድንን ንተጋደልቲ ምጥፋኦም ኣይተኻእለን። እኳ ድኣ ቁጽሮም ካብ ትጽቢት ስርዓት ኢትዮጵያ ወጻኢ እናበዝሐ፡ ዝንቀሳቐስሉ ከባቢታት እናሰፍሐ እዩ ዝኸይድ ዝነበረ። በዚ ድማ፡ ተጋደልቲ ንምጽናት፡ ተጋደልቲ የዕቁባ እየን ዝተባህላ ዓድታት እናቃጸልካ፡ ተቐማጦአን ብኣዝዩ ዘሰክሕ ኣገባብ እናቐተልካ፡ ጥሪተን እናህለቕካ፡ ዘሎ ንብረት እናራሰኻ፡ ዝተረፈ ህዝቢ ከምዝስደድ ወይ ኣብ ጥቓኡ ናብ ዝርከባ ከተማታትን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝነበራ ዓበይቲ ዓድታትን ከምዝኣቱ ብምግባር፡ ንተጋደልቲ ባይታ ምኽላእ ነበረ። ኣመሓዳሪ ኤርትራ ኣስራት ካሳ፡ ናብ

ኣዛዚ 2ይ ክፍለ-ጦር ሜጀር ጀነራል ተሾመ እርገቱ ዝጸሓፎ ሓደ ደብዳበ ከምዚ ይብል፦

*"ሽፍታ ዝብሃል ፡ ሸፊቱ ብረት ሒዙ ዝዋጋእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሽፍታ ቀለብ ብምሃብ፡ ብምሕባእ፡ ወረ ብምቕባል፡ በቶም ሽፉቱ ተሸይሞም ግብሪ ዘኽፍሉ፡ ብሽፍታ ተሸይሞም፡ ዳያኑን ኣመሓደርቲን እናኾኑ ናይ ሽፉቱ ፕሮፖጋንዳ ዝነዝሑ እውን ወሲኽኻ ስለዝኾነ፡ እዚኦም ኩሎም ከም ሽፍታ ተቘጺሮም ስጉምቲ ዝውሰደሎም ምኳኖም እፍልጥ።"*


-15-

ሠ. " ከዚህ ያለ ውጭ ሽፍታ ያለ ሕዝብ ድጋፍ ሊኖር አይችልም "
እንደተባለው በዋና ዋና ከተማ ውስጥ ያሉትን ወገበኞችን በበጐ
የሚያገሩትን ማጥፋት ነው። ከነዚህም ለማስፈጸም ኃይል —
ሥልጣን — ብርቱ የሆነ የመረጃ ቁጥጥር ያስፈልጋል።

እቲ በዚ መንፈስን ዕላማን'ዚ ዝተበገሰ ናይ 1967 ወፍሪ (ኦፐረሽን ውቃው፡ መንጥር፡ ነበልባል ወዘተ.) ብዓይነቱ፡ ቅድሚኡ ካብ ዝተኻየዱ ወፍርታት ዝተፈልየ፡ ከቢድ ጃምላዊ ህልቂት ሰላማዊ ህዝቢን ስደትን ምምዝንባልን ዘስዓበ ነበረ። በዚ፡ ፈለማ ኣብ ኣውራጃታት ባርካን ጋሽን፡ ቀጺሉ ከኣ ኣብ ሳሕል፡ ሰምሃር፡ ሰንሒትን ደብባዊ ኣከለጉዛይን ዝተኻየደ ወፍሪ፡ ኣማኢት ዓድታት ብሓዊ ክቃጸላ እንከለዋ፡ ተቐማጦአን፡ ብዘይኣፈላላይ መንእሰይ ሽማግለ፡ ቆልዓ ሰበይቲ ብጭካነ ብጠያይት ተቐቲሎም፡ ብሳንጃ ተዘልዚሎም ብኻራ ተሓርዱ። ነቲ ህዝቢ ቁጠባዊ ዓቕሙ ንምምሳን ከኣ፡ እተን ቀንዲ ምንጪ መነባብሮኡ ዝኾና ጥሪትን መጽዓኛን ብመደብ ከምዝሃልቃ ተገብረ። ኣብ ኣባይቲ ዝተረኽበ ገንዘብ፡ ኣቑሑ ወርቂን ስልማትን ካልእ ንብረትን ብመካይን እናተጻዕነ ተዘምተ።

እቲ ሽዑ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታት ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ተግባር፡ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዘይሕከኽ ራዕዲን በሰላን ብዝፈጥር ጭካነ ዝመልአ ባርባራዊ

ኣገባብ'ዩ ዝፍጸም ነይሩ። ኣብዚ ናይ ጃምላዊ ህልቂት እዋን፡ ኣብ በዓል ዓዲ እብርሂም፡ ዓድ-ኣኩድ፡ መነሎ፡ ሜታቴብ፡ ዓይለት፡ ገምሆት፡ ሃዘሞ ወዘተ. ዝተፈጸመ ወዲ-ሰብ ክሓስቦን ክገብሮን ይኽእል'ዩ ኢልካ ኪእመን ዘይክእል ዘስካሕክሕ ቅትለትን ግፍዓዊ ተግባራትን ዝገልጽ ኣብ መጽሓፍ "ግፍዒ' ልዕሊ 40 ዝተመርጸ ዛንታታት ሰፊሩ ኣሎ።

ካብቲ ሽዑ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ህልቂት ሒደት ኣብነታት ምጥቃስ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ከንጸባርቕ ይኽእል። ናይዚ ኣረሜናዊ ስጉምቲ'ዚ ቀዳመይቲ ግዳይ ዝኾነት ዓዲ፡ ኣብ ኣውራጃ ባርካ እትርከብ ዓዲ-እብርሂም እያ። ኣብ ለካቲት 1967፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ነታ ዓዲ ብምኽባብ፡ ህዝቢ እናበሳበሱ ካብ ኣባይቱ እናውጽኡ፡ ኣብ ገዛውቲ ዝጸንሖም ንብረት ኣብ መካይን ብምጽዓን፡ እንተላይ ስልማት ኣንስቲ ወርቂን ካልእን ካብ ነብሰን እናቐጠጡ ድሕሪ ምዝማት፡ ኣማኢት ገዛውቲ ኣቃጺሎም ነታ ዓዲ ከምዘይነበረት ገይሮም ክድምስስዋ እንከለው፡ ክሃድሙ ዘይክኣሉ ቆልዓ ሰበይቲን ኣረጋውያንን ዝርከብዎም 200 ሰባት ቀቲሎም። ካብዚኣቶም እቶም 72 ከም እንስሳ ብኻራ ዝሓረድዎም እዮም። ኣብ መለብሶ ሰንሒት፡ ኣብ ሓደ ቦታ ኣኪቦም 63 ሰባት ብብሬናት ክርሽርሹ እንከለው፡ ኣብታ ዓዲ ዝጸንሖም ኩሉ ዓይነት ንብረትን ኣዋርቕን ክዳውንቲን ዘሚቶም፡ ነታ ዓዲ ብዙርያኣ ሓዊ ረኵዮም ኣማኢት መንበሪ ገዛውቲ ኣቃጺሎም፡ ነቲ ዓዲ ደምሲሶማ። ኣብ ካልኦት ሓያሎ ዓድታት ዝተፈጸመ ግፍዒ እውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ነበረ።

በዚ ኣረሜናዊ ተግባር ዝባህረረ ህዝቢ ዓድታቱ ገዲፉ እግሩ ናብ ዝመርሖ ነፈጸ። ተቐማጦ ናይተን ግፍዒ ዝወረደን ዓድታት ክሃድሙ እንከለው፡ ህዝቢ ካልኦት ዓድታት'ውን በቲ ዘሰንብድ ወረ ተናዊጹን ርዒዱን፡ ካብ ዓድታቱ ሃደመ። ናብ ሱዳን ዝወስድ መገዲታት በቶም ምድረ ሰማይ ዝጸልመቶም፡ መንፈሶም ዝተዳህለ ሰደተኛታት ኣዕለቕለቐ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ክሳብ 30,000 ዝግመት ካብ ህዝቢ ኤርትራ ንሱዳን ከምዝኣተወ ይፍለጥ። ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተዘርግሐ ናይቲ እዋን'ቲ ሓበሬታ ከምዘመልክቶ፡ ኣብዛ ናይ ጃምላዊ ህልቂት ዓመት፡ 169 ዓድታት ተቓጺለን፡ ኣማኢት ዜጋታት ብኣዝዩ ጨካን ኣገባብ ተቐቲሎም። ኣሽሓት ጥሪትን መጽዓኛን ሃሊቐን።

ካብ ምምሕዳር ኣውራጃ ከረን ናብ እንደራሴ ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ ልዑል ኣስራት ካሳ ብ18 ሓምለ 1959 ኣቆጻጽራ ግእዝ (26/07/1967) ዝተላእከ ደብዳበ ከምዚ ይብል፦

*"ልዑል ጎይታይ!*

*. . . ኣዛዚ ቦጣሎኒ (ሻለቃ ኣዛዥ) ንወፍሪ ወጺኦም ዝነበሩ ኮማንድስ ወተሃደራት ዘቕረቡሉይ ሪፖርት፡ ትኽክል ቅዳሑ ኣተርጒመ ልዑልነትዎ ክትምልከትዎ ብዓቢ ትሕትና እልእከልኩም ኣለኹ። እቶም ወተሃደራት ንወፍሪ ክብገሱ እንከለው፡ ህዝቢ ክጥርነፈለን ተወሲነን ናይ ዘለዋ ዓድታት ሊስታ ካብ ቤት ጽሕፈትና ዝተዋህቦም ክኸውን እንከሎ፡ ካብኡ ወጻኢ ዝተረኽባ ዓድታት ክቃጻላ ትእዛዝ ተዋሂብዎም ነይሩ። በቲ ትእዛዝ መሰረት ከኣ፡ ኣድላዪ ስጉምቲ ወሲዶም ኣለው። ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ዝተወሰነሎም ዓድታት ከይተኣከቡ ዝጸንሑ ሰባት ዝተወሰደ ስጉምቲን ዝርዝር ዝተቓጸለ ኣባይቲን ልዑልነትዎ ኪምልከትዎ ምስዚ ደብዳበ'ዚ ኣተሓሒዘ ይልእከልኩም ኣለኹ።"*

እቲ ሰነዳት ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተረኽበ ደብዳበ፡ ኣባይተን ተቓጺሉ ናይ ዝተደምሰሳ ዓድታት እንተላይ ናይ ዝተቐትሉ ሰባትን ጥሪትን ብዝሒ ከም ዓቢ ዓወት ገይሩ ብዝርዝር ዘቕርብ እዩ።